ሕጂ’ ኸ?
ናይ መን ምወላ-ባይቶ ክጥቀመላ?
ግብራዊ መልሲ እትጠልብ ሕቶ

ብወደባት ግርማይ ኪዳነ (ወዲፍሊፖ)
ሚላኖ-ኢጣሊያ
ዕለት 30-01-2012

እቲ ክሳዕ ሕጂ ዝጸነሔ ደምበ ተቓውሞ ጥቕምን መሓውርን እክብካብ ሸፋቱ ኤርትራ እንተዘይኮይኑ ጨራ ተስፋን ስድራቤታት ኤርትራ ከም ዘየብርሀ ልዕሊ እቲዝተዓዛብናዮ ንዓመታት ሸንኮለል ዝበልናዮ ምስክርነት ዝሓትት ኣይኮነን። ነዚ ኣሚንና ኻኣ እቲ ጉድለት ይኹን ፍሽለት ንእቶም ኮለል ዘብሉና ከነሰክሞ ዘይኮነ ነዚኦም ደው ኣቢልና መስርሕ ዕላማና ክንኣልይ ዘይምኽኣልና ነቐፌታ ርእሰ ነቐፌታ ክንገብር ናይ ግድን እዩ።

ከመይ ሲ፣
ካብ ዕለት ናብ ዕለት ሓዲሽ ኣውደኣመት ሓድሽ ጥምቀት ክመስል ውድብ ፈጢርና ስቪክ (ቤርጌስ) ማሕበር ጌርና ዝብል ዝትጎኛጀለ ስርርዓት ክፍጠር ምርኣይ ምስማዕ እንተዘይኮይኑ እቲ ንእኽብኻብ ሸፋቱ ህግደፍ ከሰንብዶም ከርዕዶም ዝኽእል በትሪ ክንዓትር ኣይካኣልናን፣ ብኣንጻሩ እኳ ድኣ መሔጨጪ ወይጦ ኴንና ጸኒሕና ሕጂ ውን ኣሎናን፣ ደርሆ ኣንዊሕካ እንተኣሰርካያ ዝፈታሕካያ ይመስላ ዝተባህልና ወላ እኳ ብወዱዕን ፍሉጥን ሓሳዊ ይብሃል እምበር ወላ ዕረ ይጥዓመና እቲ ኣበሃህላኡ ምስ ኣካይዳና ኣመጣጢናንና ምስ ንርእዮ ሓቂ ክንብል ይግባእ።

ኣብ ኣፍደገ ገዛና ዝድብል ታቱሉኡ ክንሓትሞ ዘይካኣልና ተመጣጢርና ኣብ ኣስመራ ዘሎ ሺፍታ ክንሃርሞ ምሕላምና ኣብ ሃዋህው ገዛ ክንሰርሕ ንኣምን ጥራሕ እዩ ዘብልን ዘስምዕን እዚ ክሳዕ ዝኸውን ዓቕምና ክኣ ኣብ ሃለውለው ዐውንውን እንተዘይኮይኑ ዝብጻሕ የልቦን። እቲ ዘሕለፍናዮ ዓመታት ተቓውሞ ዘርሞ ዘርሞ ምንባሩ ባዕሉ እቲ ጠርናፊ ተቓወምቲየ ባሃላይ- ኪዳን_ዝማሃዞ መሕኮር ስልጣን_ዕጣን ኮይኑ ከምዝዓብሎኾ ውድቀቱ ጉባኤ ኣዋሳ ከሺሕዎ እዩ።

ሕፍረት ዘይፈልጥ ጉጅለ፣
ባዕሉ ዋዕላ ኢሉ ባዕሉ ንጉባኤ ኣሰጋጊሩ ሓንጺጽዎ ዝመጸ መደብ ሙቛም መሰጋገሪ ባይቶ ምስ ሓሳኻት መቓልጽቱ ብስም ቤርጌሳዊ ማሕበር ንዓመታት ዝተባሕቱ ክዋጠጥ ክብል ውጥናቱ (ዕላምኡ) ስለዝተከሸሔ ኣብ መንጎ ክልተ ተዋጠጥቲ ሳልሳይ ታዓዋቲ ከምዝባሃል ንሶም ክዋጠጡ ክማጠጡ ጨራ ሓቂ ቦሎኽ ኢላ ዘስምዕ እቲ መሪሕነት ተቓውሞ ካብ ኢዶም ሸተት ስለዝበለ- ሕልምና በነነ _ውዲትና ተብርዓነ ኮይንዎም ትርጉሙ ወይ እንታይ ጥቕሙ ዘይፍለጥ፣ እቲ ባይቶ ከም ባይቶ ንምሕያሉ ኻኣ ኪዳን ከምዘላቶ ትጽናሕ ዝብል ናይ ውልቀም ውሳኔ ብምውሳን ንእቲ ብተሳተፍቲ ዝተመርጸ ባይቶ ክቛጻጸርዎ የሀተውቱዉን ይሀልሉን ምሀላዎም ንሰምዕ ኣሎና እሞ እምቢ ስልጣና ኣይንሓድግን መበሊኦም እቲ ንዓመታት ንቃለስ ነቃልስ ኢሎም ሸንኮለል ዘበሉና ንእንታይ ከምዝኾነን ዝነበረን ይሕብረና ይግላሃልና እነሆ። ከምዚ መበሊኦምን

መውጠምጠሚኦምን እንታይን ንመኒን ስለዝተኣማመኑ ወይ ብመን ኣጆኹም ከምእተባሃሉ ክንውከስ ጥራሕ ዘይኮነ ክሳዕ ሓቀኛ መልሲ ንረኽበሉ ክንፍቲሽ ይግባኣና።

ናብዚ ንምብጻሕ ካኣ መጀመርያ ርእሰ ምርኮሳ ከነነጽር ዘለና ውራይ ተቓውሞና ውራይ ኤርትራውያን ድዩስ ኣይኮነን፣ እወ ዝብሃል እንተኾይኑ እቲ ባይቶ ተቓውሞ ተባሂሉ ተኣዊጁ ዘሎ ንምሕያልን ስዒሩ ኻኣ ንዝተመንዘዔ ስልጣን ህዝቢ ንህዝቢ ምርካብ ድዩ ንምትካእ ካብ ኤርትራ ዘሎ ሽፍተነት ኣዳቒቕና ከነጻርይ ይግባኣና። ነዚ ንምጽራይ ክኣ መንቀሳቐሲ ውራይና ካባና ዝተማለኤ ኣስተዋጽኦ (ውጽኢት) ክህልው ኣለዎ። በዚ ኻኣ ኢና ውራይና ክንከታተሎ ተልእኾኡ ኣበጻጽሕኡ ጉዕዙኡ ክንቆጻጸሮ ዘኽእለና።

ብዝተረፈ ከምቲ ዝሓለፈ ወዮ መንቀስቀሲ ተባሂሉ ዝተዋሃበ ሓገዝ ንምንታይን ክንደይን ስለዘይፈለጥናዮ በየን ኣትዩ በየን ከ ወጺኡ ኣበይ ጠፊኡ እንታይ ኣድሚዑ ክንፈልጦ ዘየኽኣለና ሕጂን ድሕሪ ሕጂን ካብ ዝዓመተ ናብ ዝጸልመተ ንኸይእቶ ከጠንቅቐና ዝኽእል መሰረት መወከስና ጁባታትና ክኸውን ኣለዎ ።

ክኒኡ ኻኣ፣
ንእቲ ዕለታዊ ጠቃሪ ገስረጥ ስርርዕ ሽፋቱ ኤርትራ ንመኽተና ከምድላዮም ብምዝላፍን ልኡኻት ኢትዮጵያ ምባልን ኣብቂዑዎም ዘሎ እቲ ጨናዊ ኣፎም በካዕ መልሓሶም ንምሕታም ዘኽእለና ርእሰ ምርኩስና ጻዕርና ካብ ጁባና ብጁባና ንጁባና ምስ ዝኸውን ጥራሕ ከምዝኾነ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ህዝብና ኣብ ውሽጢ ሃገር ህዝብና ኣብ ወጻኢ ብቑዕ ኣስተምህሮ ይኹን ኣፍልጦ ስኣን ምህላው ዕረ እናጣዓሞ ህይወት እናሓሰሞ ፣ ንሓሶትን ጠቐርን ሽፋቱ ህግደፍ ከም ሓቂ ተኾልኪሉ ዝኸዶ ዘሎ ነቲ ዕለታዊ ሓሶታት ክንገጥሞ ክንምክቶ ዘኽእለና ሓያል መደበር ዜና ሬድዮን ቴለቭዥንን ክህልወና ይግባእ። እዚ ኻኣ ክፈል ዳኣ እምበር መንኢኻ እንታይ ደሊኻ ስለ ዘይባሃል ንዑኡ ዘማልእ ውጽኢት ከካብ ጁባና ክዋጽእ ናይ ግድን እዩ።

እዞም ባይቶ ተባሂሎም ዘለዉ፣ ብሓቂ ንእተዋሃቦም ስም ይኹን ሓላፍነት ብግብሪ ከተግብርዎ እምነት እንተድኣ ኣለዎም ኮይኑ፣
ሀ) እቶም ወከልቲ ውድባት
ለ) ወከልቲ ቤርጌሳዊ ማሕበራት
ሐ) ብህዝቢ ከባቢና ተወኪልና ዝብሉ።

ጁቦኦምን ጁባ ወከልቶምን ኣቐዲሞም ንኣብነት ምኾኒኦምን ብዘይ ውዓል ሕደር ሃሰስ ኢሎም ከበርክቱ ኣለዎም፣ ነዚ ሓቂ እዚ ሰጋእ መጋእ ኣብዝብሉሉ ወይ ዘዕጠይጥይሉ ግን ዕላማኦም ንሽይሽይነት ወይ ርኣዩኒ ተላለዩኒ ድኣ እንበር ህዝባዊ ድሕነት ዝዓለመ ዕላማ ከምዘይብሎም ስለዝሕብር ኩሉ እቲ እትባህለና ወይ ክባሃለና ዝድለ ከምቲ ዝሓለፈ ክደግመና ከንከራትተና ምዃኑ ብሩህ ስለዝኾነልና ብኣግኡ ጸገዖም ዝሕዝሉ ትምህርቲ ክንህቦም ሓላፍነትና እዩ።

እዚ ተባሂሉ ዘሎ ባይቶ ናይ ህዝቢ ባይቶ ከብቅዕ ዕላማ ህዝቢ ከድምዕ እንተኾይኑ ርእሰ ምርኮሰኡ ጁቡኡ ክኸውን ኣለዎ። ተጸባያይን ተዋሃባዪን ኮይኑ ምስ ዝንቀሳቀስ ግን ለማስ እግሪ ኮይኑ ማዕረ ግፍዕታትን ሽፍትነትን ህግደፍ ክምክት ክወፍር

ስለዘይክእል ኣብ ምህለላን ህለላን እንተዘይኮይኑ ነቲ እንደልዮ ሓዞ __ቀርፍዶ ከብጽሖ ኣይኽእል ኣየኽእል።

ደምበ ተቓውሞ ፣
ክሳዕ ሕጂ ከም ህልው ገይሩ ኣጽኒሕዎ ዘሎ እቲ ብልግሲ ጎሮቤት ሃገር ኢትዮጵያ ዥህቦ ሓገዛት ከምዝኾነ ኩልና እንፈልጦን ክንኣምኖ ዘለናን ሓቂ ኮይኑ ደኺምና ወዲእና ጸንቂቕና ኣብ ዝብልዎ ግዜ ኸ፣ እቲ ተቓውሞና ኣብ ክንዲ ንሸፋቱ ህግደፍ ዝሕምሺሽ ባዕሉ ርኹሙሽ ክብል ድዩ፣ እዚ ኩሉ ዝተዛሕዘሔን ዝዝሕዛሕ ዘሎ ማህጸናት ኤርትራ ኸ፣ ከም እተዛሕዘሖ ክተርፍን ክርሳዕን ማለት ድዩ፣ ኣብ ጎሮባብቲ ሃገራት ታዓቑቦም ዝነብሩ ዘለዉ ኣካልና ኣያ ዘለዎ ኣራፊዱ ሞተ ኮይንዎም መቕርብ ዘለዎም ኣብኤውሮጳ፣ ኣመሪካ፣ ኣውስትራሊያ፣ ማእከላይ ምብራቕ፣ ዘራይ ዘይብሎም ክኣ ግዳይ ኮይኖም ብስቓይ ምሕታቕ ኮይኖምዎ ዘለዉ ዕዳ ነፍሲ ወከፍና ከምዝኾነ ክንርደኦ ጥራሕ ዘይኮነ ክንስከሞ ዝግባእ እዩ።

ከመይሲ፣
ከካብ ዘለዉዎ ሺፍታ መጺኡ ክዘቆም ጥሜት፣ ጽምኢ፣ ሕማም፣ ቁሪ፣ ክጽንቅቐም እናነበረ ከም ሰብ መጠን ሰብኣዊ መሰል ብዓለማት ክብቀቕም እናተራእየ ኣየናይ ውድብ፣ ኣየናይ ማሕበር፣ ኣየናይ ኪዳን (ዕጥራን) ኣሎ ምእንተኦም ዝተጣረዔ ወይ ዘእወየ፣ እዚ ናይ ሎማቕነ፣ ነጋድ ህዋሳት ኣካላት መንእሰያት ኤርትራ ብሸፋቱ ህግደፍ ዝተዋፈረ እሞ ብጸጥታ ኢትዮጵያ ተታሒዙ ዘሎ ገስረጥ ሺፍታ ኣብ ማዓስከር ዑቕበኛታት ተኣታትዩ ወይጦታቱ ኣታኣታትዩ መደበር ዕንወትና ክሰንድ ዝጸነሐ ካብዘን ኣሎና ዝብላ ውድቤ ዕቁቤ ሓንቲኤን ከተስተብህለሉ ክትመራመረሉ ዘይምኽኣል እንታይ ይባሃል፣ ሕጂ ኸ እዚ እንታይ ከብለናን ከገምተናን ይኽእል፣

እንቛዕ ኣብ ሱዳን፣ ኣብ ኬንያ፣ ኣብ ሶማሊያ፣ ኣብ ሊብያ፣ ኣይኮነ ኣቢሉ ወላ ጸሎት ዝባሃል ንዘይኣምን ዘመስግን እዩ እሞ እዚ ተባሂሉ ዘሎ ባይቶ ነዚ ኩነታት እዚ ዑቱብ ኣቓልቦን ውሕስነትን ከረጋግጽ ብግቡእ ተሓታትነት ክጻዓን ኣለዎ፣ ህላዌ ደንበ ተቓውሞ መጀመርያ ዑቱብ ዕማሙ ዋሕስነት ናብ ስደት ዝነብሩ ዑቑባትን ዑቕባ ሓተትን ክኸውን ከምዘለዎ ክኣምኒን ብግብሪ ክትርጉምን ከምዘለዎ ቅድመ ኩነት ዘሕትት የብሉን ክህልዎ ውን ኣይግበኦን፣ ህላዊኡ ዘመስክር መጀመርያ ዕማም ድምጺ ኤርትራውያን _ሮቒሑ ማዕከን ረድዮ ተለብኾርን ክህልዎ ኣለዎ። እዚ ማዕከናት እዚ ከምቲ ዝጸነሔ ብልግሲ ኢትዮጵያ ዝተዋሃበ መስመር ዘይኮነ ነብሱ ክኢሉ ድምጹ ዕለታዊ ለይታዊ ምሸታዊ ብዘይ ዕረፍቲ ብብዝሖ ቋንቋታት ዝዝርጋሕ ኮይኑ ኩነታት ኤርትራን ኣብ ፈቐዶ መዕስከራት ተዛሕዚሖም ዘለዉ ዓለም ለኻዊ መሰሎም ዝተነፍጎም ኣበይ ኣበይ ከምዘለዉ ከምኡ ውን ብስም ዑቕባነት ተዋፊሮም ዘለዉ ሰለይቲ ግዕዘይ ስርርዕ ሸፋቱ ህግደፍ ዘፈድሕ መጣርዒ መሓበሪ ንኽበቅዕ ነዚ ኽኣ፣ ህይወት መስዋእቲ ዘይሓትት ጁባታት ኤርትራውያን ኳሕኰሖ ዝሸፍት ዘኽእል ሙኚኑ ጻዕዳ ሓቂ እዩ። ነዚ ንምትግባር ክኣ ዓቕሚ ክህልዎ ዘይኽእል እቲ ዘይግድሶን ዘይደሊን ድኣ እንበር ኩሉ ዝኽእሎ እዩ። እዚ ተወፋይነት እዚ ምስ ዘይህልው ኣሹንኳይ ዶ ንዝጸመመ እዝኒ ነቲ ዘይጸመመ እዝኒ ከነስምዕ ይካኣል ዝባሃል ሃበስ ቀደስ እዩ እሞ፣ መን እዩ ኣብ ሓደ ዓመት ክልተ ሰለስተ ምእቲ ዶላር ንቀንጠመንጢ ዘሕሺሽ፣ ካብዚኤን ሓንቲ ምእቲ ንመን ትጎድእ፣ስለምንታይ ንእዛ ሕሱር ከትሪ ተኸቲራ ዘላ ካብ ዓዘቕቲ መግዛእቲ ባዕዲ ንኽትወጽእ ዝተኸፈለ ህይወታት

ንርስዕ፣ ኣብ ሆያሆየ ተባህለ ተፈጠረ ንስዕስዕ፣ ላምሲ ብኢዳ ዝቖርባ ብእግራ ትሓክኽ ከምዝባሃል ስኣን ጁባታትና ሃሰስ ኢልና ናተይ ናትካ ናትካ ናተይ ተደማሚሩ ዓንቲሩ ክንብል ዘብቅዓና ካብ ዝኾነ ጥቕሚ ወይ ውልቃዊ ረብሓ ክገትኣና ዘይክእል ዓቕሚ ክንዲ ንጥቀም ውራይና ጸገምና ክምጽወተሉ ይዕደም፣

መደምደምታን ለበዋን።

ሓቅና ድሕሪ ነዊሕ እዋን ዕብጣ ባዕላ ነቲዓ ጨራኣ ሂባትና ኣላ ንጠቀመላ ኣብ እንደልዮን ንምነዮን ዓወት ንኽንበጽሕ ካኣ ምርኩሰይ፣ ህዝበይ ነብላ ምእንቲ ብዝሓለፈቶ ክንከታተላ ድምጽና ኽኣ ብሓንቲ ክልኢት (second) ) ኣብ ምልእቲ ዓለም በብቛንቛኣ ከነስምዓላ፣ ንስርዓት ኢትዮጵያ ኻኣ፣ ንእዚ ገስረጥ መጋሳርጥቲ ሰረቐቲ ህግደፍ ኣብ ትሕቲ ቀይድኹም ዘሎ እንሓቶ እነሕትቶ ቡዙሕ ስለዘሎ ካብ ሱር መልእኽቱ ፈቲሽናን ኣዋህሊልና ስለዘሎና፣ ክኒሉ ኻኣ ኩሉ እቲ ኣንቀሳቕስኡ መንቀሳቐስቲ ጋንታኡ ወዘተ... ሓበሬታት ንእክብ ስለዘሎና ዘዝረኸብናዮን እሙን ወደባት ኣቦ መንበር ፈጻሚት ባይቶ ተጸዊዑ ዘሎ ዶክቶር ዩሱፍ ብርሃኑ ኣሕመዲን ከነመሓላልፈሉ መዲብና ስለ ዘሎና በዚ ጉዳይ እዚ ክሳዕ ኣብ መወዳእታ ንበጽሕ ብመንገዱ ጥራሕ ናባኹም ንኽበጽሕ እምነትና ብምርግጋጽ ሳልሳይ የብላ ራብዓይ ምስኡ ጥራይ ኢለ ለበዋይ እዓጹ።

ሓሶትን ጠቐርን ሸፋቱ ህግደፍ ንክኽርተም
ናትና እንውንና ተላዛቢት ማዕከን
ዓቕምና እያ ንበለጽ ኣይንመሳኸን
ሰናይ ቅነ